# *ክብርን መጎስን ንዓኺ፣*

ክብርን መጎስን ንህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ። ትማሊ ሙሉእ ዓውትን ነጻነትን ኣበሲርካና። ሎሚ ኸም ትማሊ ኸኣ፣ ነቲ ብደም ዘምጻእካዮ ነጻነት፣ ብደም ክትሕልዎ ትግደድ ኣለኻ። ዘለኻዮ ቦታ፣ ዘለኻዮ ሃለዋት፣ ዘለኻዮ ናብራ፣ ኣጸቢቕና ንፈልጠን ንርድኦን። ነዚ ዘለኻዮ ኹነታት ኣጸቢቕና ስለእንርዳእ ድማ፣ ንሓንቲ ህሞት እንተኾነት እውን፣ ጽቡቕ ኣሎኻ ኢልና ኣይንፈልጥን። ግን ከኣ እቲ ዘሎ ኹነታት ስለ እንስተባህልን እንፈልጥን፣ ንኣበርክቶኻን ጽንዓትካን ካብ ደቒቕ ናብ ደቒቕ እንዳኣመጎስና ኢና። ንሸኻ ስለዝጸናዕካን ስለዝበርታዕካን፣ ንሕና ድማ ምሳኻ ጸኒዕና ንርከብ።  ናትካ ጅግንነት ንዓና ቀጻሊ ፍናንን ሞራልን እዩ። ንሕና ብናትካ ጽንዓትን ጅግንነትን፣ ንንየትን ንሕበንን ኻኾርዕን ጥራይ ዘይኮነ፣ ነዛ ዘለናያ መሬትውን ብድፍረት ኢና ንረግጻ።
እቲ ኣብ ድፋዕ ኾንካ እተሰላስሎ ናይ ምክላኻል ሃገርን ቁጠባ ዕብየትን፣ ብቀረባ ኢና እንዕዘቦ። እሞ ኸኣ ምስ ኢዚ ኹሉ ቁርን ጸሓይን፣ ንፋስን ዶረናን፣ ሓንቲ መዓልቲ ትኹን እውን ድንን ኸይበልካ፣ ርእሰኻ ኣቕኒዕካ ምብዳህካ፣ ዳርጋ መዘና ዘይብሉ ኣበርክቶ ኢዩ ዝበሃል።
ኹሉ ግዜ፣ ድሕሪ ናይ ቁጠባዊ ኾነ ምክልኻል ሃገር ውዕሎ፣ እትሓቶ ነገር ንዓና ብሩሁን ኸውንን እዩ። ህዝቢ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ነቲ ውዕሎኻ ኸመይ ገይሩ ኸምዝርድኦን እንታይ ኸምዝብልን እዩ። ንሕና ኣብ ዝኾነ ናይ ውዕሎኻ፣ ብውልቀ ይኹን ብእኩብ፣ ውድዓዊ ዝኾነ ርእይቶ ምስ ኣመዝገብና ኢና። ናይ ውዕሎኻ ደገፍን ሞገስን ድማ፣ በዝተፈላለየ መንገዲ ገርና ድማ ናባኻ ንልእኽ። ኸምቲ ኹልግዜ ድማ፣ መልእኽትና ንጹሩን ጽፉፍን ዘየደናግርን እዩ። ኣብቲ ዝተለምካዮ ናይ ምክልኻልን፣ ህንጸት ሃገርን፣ ኣብ ጎንኻ ኣለና። ኣብ ጎንኻ ኣለና ዘብለና፣ ኻልእ ዘይኮነስ፣ እንታይደኣ፣ ምክልኻል ሃገርን፣ ህንጸት ሃገርን፣ ንዓና ንረብሓናን ክብርናን ስለዝኾነ። ሃገር ምስ እትኽበር፣ ሃገር ምስ እትህነጽ፣ ንሕና ንኽበር።
ኻብዚ ዝዓቢ ህያብ ካባኻ ኽንጽበ ኣይንኽእልን። ህያብ ናይ ብሓቂ ምብጻው ድማ ይበሃል። ተበጂኻ ዝወሃብ ህያብ ዝዓበየን ዝኸበረን ስለዝኾነ ድማ እዩ። ኸምቲ ኣብ ሓጺንን ዓረን ተወቂጡ ዘሎ ዘረባኻ ዝብሎ፣ ማለት ጅግና ኣይነብርን እዩ፣ እንታይደኣ ታሪኹ እዩ ዝነብር ዝበልካዮ። ንሕና በዚ ቢሂልካ እዚ፣ ምስ ኾራዕናን ተሓበናን ኢና። ምኽንያቱ ብተግባር ንርእዮ ስለዘለና። ኣብ ዓለም ከለኻ ብተግባርካ ንሕበን፣ ካብ ዓለም ምስ ተኣለኻ ድማ፣ ብታሪኽካ ንሕበንን ንደዓዓስን። ታሪኽካ፣ ታሪኽ ናይ ጅግንነትን ሓበንን ስለዝኾነ ድማ፣ ኽንስዕቦ ንግደድ። እዚ ሕጂ ነስተማቅሮ ዘለና፣ ሰላምን፣ ራህዋን፣ ፍስሃን ቅሳነትን፣ ብኻልእ ዘይኮነስ ንሸኻ ብዝተሰዋእካሉን ብዝተበጃኻሉን ዝተረኽበ እዩ።
ኢዚ ኾይኑ ኸብቕዕ ኢቲ ዝሃንደስካዮን፣ ዘበርከትካዮን ዝሰነድካዮን ሃገራዊ ታሪኽ፣ ሓደ ሓደ  ውልቀሰባት ነዚ ብደም ዝሃነጽካዮ ታሪኽን ተግባራትን፣ ኣብ ዘይግባእ ቦታ ኸቀምጥዎ ይርከቡ። ነቲ ዋልታይ ባዕለይ የልዕሎ እንዳበልካ እትንድረሉ ዘለኻ ዓደቦ፣ ኸም ብድዔ ይምልከትዎ። ነቲ ዓጢቕካዮ ዘለኻ ናይ ሃገር ምክልኻል፣ ምስ ውሽጣዊ ኹነታትካን፣ ብዝሕኻን ኣዛሚዶም፣ ኣሉታዊ ገምጋም ይህቡ። ነቲ ብሕጊ ዝረታዕካዮ መሬት፣ ኣብ ልዝብን፣ ኢሂን ሚሂን ንኽኣተ ህርድግ ይብሉ። ናይ ዊሽጢ ጸላኢ እምበር፣ ናይ ደገ ጸላኢ ኸምዘይብልካ ኸይሓፈሩ ይምህሩ። ጸላኢኻ ፈታውን ደላይን ሰላምን፣ መንግስትኻ ጻሕታርን ኣንጻር ሰላምን እንዳበሉ ይጃሃሩ። ኣብ ሃገርካ ኩሉ ሕማቕ፣ ኣብ ጎረበትካ ኹሉ ጽቡቕ እንዳበሉ ይንየቱ።

ኣብ ሃገር ዝግበር ምዕባለታት ምዝራብ ኸም ነውሪ፣ ሓሳረ መከራ በዚሑ ኢልካ ምዝራብ ኸም ጽቡቅ ባህሊ ኢሎም ይካትዑ። ኾኑሉ ንሸኻ እተካይዶ ናይ ሃገራዊ ወፍሪ፣ ወፍሪ ባርነት ኢሉ ኽጽዋዕ የማሕጽኑ። ወሰናስን ሃገረይ ክከላኸልን ክሕሉን ስለዝበልካ፣ ደላይን ፈታው ውግእን ገይሮም ኽቅርቡኻ ህርድግ ይብሉ። ንመኸተኻ ኣብ ክንዲ ዘሓይሉን ዘደንፉዕን፣ መኸተኻ ዝልሕላሓሉ መንገዲ ሃሰው ይብሉ። ንምንታይ ግን ኢዚ ኹሉ። ኣብ ምንቲ ምንታይ?። እንታይ ኣበስ ስለዘምጻእካ፣ ወይ ጌጋታት ስለዝፈጸምካ። ንሸኻ ትብል ዘለኻ፣ ኣብ ዘለኹ ሃልየ ሃገር ኣየድፍርን ንሃገር ክከላኸል ኢየ። ኢዚሞ የሞግሰካን የኽብረካን እምበር፣ ኸመይገይሩ ኢዩሞ ናብ ግጉይ መረዳእታን ጽልእን ዘሕድረልካ።
ሎሚ ኣብ ሃገርና፣ ኽተዓራረዩ ዝግብኦም ነገራት የለን ዝብል፣ ኸም ዳርጋ ቁስልኻ ምሕባእ ማለት እዩ። ሓባእ ቁስሉ ድማ ሓባእ ፈውሱ ኢዩ። ነዚኣቶም መዓልትን ግዜን ከይፈለና፣ ኩላህና ብሓባር ኣብ ናይ ክትዕ መኣዲ ኸነውርዶም ግቡእ እዩ። እዚኣቶም እሞ ምስናትካ ወሰናስን ሃገር ምሕላው እንታይ ኣራኽቦም። ንዓኻ ምስ ውሽጣዊ ጉዳይ ኣተሓሒዞም ክሪኡኻ፣ እንታይ ኢዩ እቲ ዝርከቦ ረብሓ። ወይስ ውሽጣዊ ኹነታትና ኸይተዓረየ፣ ሃገር ምክልኻልካ ፋይዳ የብሉንዩ ዝብሉኻ ዘለዉ። ውሽጣዊ ኹነታትና ምስ ኣተዓረረና፣ ምክልኻል ሃገር ነርክበሉ ይብሉኻ እንተድኣ ሃልዮም ድማ ኣጸጋሚ ኢዩ። ምኽንያቱ ሸዑ ደኣ ኣብ ዝተወደኣ ነገር ምዃኑዩ። ጸላኢ ንሸኻ ተሮኽሚሽካ፣ መኣዝንካ ኣጥፊእካ፣ ናቱ ተዓንጋሊ ክትኸወን ኢዩ ጻዕሩን ድልየቱን። ንሸኻ ድማ ኣብ ዝኾነ ይኹን ነዚ ኣይትቅበሎን ኢኻ። ነዚ ዘይርዳእ ወዲ ሃገር እሞ ምስ ምንታይ እዩ ኽቁጸር።
ንሸኻ ብዛዕባ ቅንዕነትን ዘይቅንዕነትን ናይ መሪሕነት ዘይኮነ፣ ብዛዕባ ምኽባርን ምስፋንን ሉኡላውነት ሃገር ኢኻ እትዛረብ ዘለኻ። ናትካ መኽሰብ ኣብ ሃገርን መሬትን ምክልኻልን ከምዝኾነ ኢኻ ትዛረብ ዘለኻ። ዕግበትካን ተመስጦኻን ኣብ ምውሓስ ሃገር ኢዩ። ሃገር ምውሓስ ከኣ ቀስ ኢልና ነርክበሉ ይብሉኻ ኣለዉ። ኣብ መደረኦም ኾነ ኣብ ጽሑፋቶም፣ ናትካ ጅግንነትን ፍጻሜታትን ኸይጠቀሱ፣ ንተጻባእትኻ ኸይወቀሱን ኸይገሰጹን ይድምድምዎ። እዚ ድማ ብዘይ ሰኽፍታ። ኣብዚ ናይ 2007 መዛዘሚ ዓመት፣ ዘካየድካዮ ንእሽቶይ ውዕሎ ነይሩ። ኣብቲ ዘካየድካዮ ውዕሎ ድማ ንጸላኢኻ ሕፍረት ኣሰኪምካ ሰዲድካዮ ኢኻ። ነዚውን ኸምዘይናቶም፣ ኸምዘይተገብረን እዮም ሰጊሮምዎ። ዓወትካ፣ ዓወት ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ረሲዖሞ።
ንሕና ነዚ እተካይዶ ዘለኻ ናይ ምክልኻል ሃገር፣ ደገፍና ኸነቅርብ ከለና፣ ደለይቲ መስዋእቲ ወይ ደም ምፍሳስ ኣይኮናን። ኣሸንኳይዶ ናትካ ደም፣ ናይቲ ብዘይ ሕፍረት ተሃንዲድዱ ዝመጸካ ዘሎ ተጻባኢኻን ደመኛኻን፣ ውጹዕ ወዲ ዉጹዕ እንተኾነውን ደም ክፈስስ ዕግበት ኣይህበናን። ግን ከኣ እቲ መስርሕ ናይ ሃገር ምክልኻል ንሱ እዩ። ኻልእ ኣገባብ ምመረጽና፣ ግን ከኣ እቲ መስርሕ ናይ ሃገር ምክልኻል፣ ብባህግን ድልየትን ናትካ ዝውዳእ ስለዘይኮነ እዩ።
ንሕና ግን ኣፀኻ ኢዩ ጠመተና፣ ኣፀኻ እምበር ኣብ መን ደኣሞ። ንሸኻ ኢኻ ተሰካም ሕድሪ፣ ንሸኻ ኢኻ ኣውሓስ ሕድሪ። *ናይ ኢዚ ወረጃ ህዝቢ ኒሒን ሓቦን መግለጺ፣ ንሸኻ ጥራይ ኢኻ።*

ናይ ሎሚ ዓመት ትሚንትናን ባህግናን ( NEW YEAR"S RESOLUTIONS ) ብዙሓት ኢዮም። ግን ከኣ ውሑዳት ኽንጠቅስ፣
------------*ንሸኻ ትኽበረሉን ትሕፈረሉን፣*
------------*ውግእን ወረ ውግእን ዝጠፍኣሉን፣*

***------------ወያነን ጥሜትን ብሓባር ዝጠፍኣሉን፣***
***------------ዘይተገብረ ጥሩምባታት ዘኸትመሉን፣***
***------------ቅዋምና ኣብ ግብሪ ዝትርጎመሉን፣***
***------------ራህዋን ሰላምን ዝነፍሰሉን ዓመት ክኾነልና ንምነ።***

**ኪዳነ ሃብተስላሰ ጥሪ 2008**